# ብመንግስትን ብግሊ ስፖንሶርን ዝተደገፈ ናይ ቪዛ ፕሮግራም (ብለንድድ ቪዛ ኦፊስ-ሪፈርድ ፕሮግራም) ምስፋር ስደተኛ ኣብ ካናዳ

BVOR BVOR BVOR BVOR BVOR BVOR



TIGRINYA

## ናይ ሓበረታ መጽሔት (ቡለቲን)

ኣብ ካናዳ ክትሰፍር ድልየት ስለ ዘለካ ዘእተኻዮ መመልከቲ ብናይ ካናዳ ብዓል ሥልጣናት ናይ መፈለምታ አስተንትኖ ተዋሂብዎ አሎ።ምናልባት፡ ድሕሪ ሕጂኸ እንታይ ኢዩ ዝግበር ኢልካ ትሓስብ ትህሉ ትኸውን። እዚ መጽሔት እዚ፣ ብዛዕባ ቀጺሉ ዝግበር ነገራትን ብዛዕባ ካናዳን ሓበረታ ይህብ።



Citizenship and Immigration Canada
Citoyenneté et Immigration Canada

Canada

# ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ምስፋር (ሪሰትልመንት) ኣገባብ ወይ ኣሰራርሓ ክትፈልጦ ዘድልየካ

ከም ብቑዕ ስደተኛ ዝተመረጽካዬ (በተወሳኺ ቃለ መጠየቕካ ኣብ ዝኾነ ተፈጸምታ ዘለዎ ጉቡኣት) ምግባር ዓቢ ስጉምቲ ኢዩ ግን ናይ መጨረሻ ኣይኮነን።

ብመንግስትን ብግሊ ስፖንሰርን ዝተደገፈ ናይ ቪዛ ፕሮግራም [Blended Visa Office-Referred (VOR) Program / Programme mixte des réfugiés désignés par un bureau des visas (RDBV)] መሰረት ኣብ ካናዳ ክትሰፍር ምስ ተመረጽካ፣ ንካናዳ ቅድሚ ምንቃልካ ክሳዕ ሸድሸተ ወይ ካብኡ ዝበዝሕ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል።

ካብዚ ቀጺሉ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ኢዩ፣

ናይ ምምልካት ኣገባብ ወይ ፕሮሰስ

- ዘእቶኻዮ መመልከቲ ቅቡል ንክኸውን፣ ንስኻን ኣባላት ስድራ ቤትካን ናይ ሕክምና መርመራ ክትገብሩ ይግበኣኩም። ከምኡውን ቅድሚ ሕጂ ናይ ወንጀል ገበናት ከምዘይ ፈጸምካ እሞ ንካናዳ ናይ ጸጥታ ጠንቂ ከም ዘይኮንካ ንምርግጋጽ ናይ ጸጥታ ምርመራ ክትገብር ይግባእ። ሓደ ሓላፊ ጸጥታ ናይ ካናዳ፣ ናብ ካናዳ ክትኣቱ ምኽኣልካን ዘይምኽ ኣልካን ክውስን ኢዩ።
- ድሕሪ ምምራጽካ፣ ቅድሚ ናብ  መርመራ ሕክምና ምጽዋዕካ ብኣዋርሕ ዝቁጸር ጊዜ ክትጽብ ትኽእል።
- ናይ ካናዳ ናይ ቪዛ ሓለፍቲ፣ ምእንታን ናይ ሕክምናን፣ ናይ ጸጥታን፣ ናይ ወንጀልን ምርመራ ምሕላፍካን ምትራፍካን ንኽውስኑ ዘእቶኻዮ ወረቓቕቲ የጽንዕዎ።
- ናይ ሕክምናን ናይ ጸጥታን ናይ ወንጀልን ምርመራ እንተ ድኣ ዘይሓሊፍካ፣ ኣብ ካናዳ ንክትሰፍር ኣይክትምረጽን ኢኻ።
- ኣብ ካናዳ ክትሰፍር ተቀባልነት ምስ ረኸብካ እሞ ናይ ይሕለፍ ፍቃድ ምስ ተዋህበካ፣ ካናዳ ንዓለም ለኻዊት ናይ ስደተኛታት ትካል [International Organization for Migration (IOM) / Organisation internationale pour les migrations (OIM)] ወይ ድማ ን ብመንግስቲ ካናዳ ዝተቆጽረት ካልእ ትካል መልእኽቲ ከተመሓላልፈለን እያ።
- ኣይ.ኦ.ም (IOM/OIM) ወይ ድማ ብመንግስቲ ካናዳ ዝተቆጽረት ካልእ ትካል ንካናዳ ንኽትጉዓዝ ዘድሊ ምቅርራባት ክትገብር ክትሕግዘካ ኢያ።
- ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት ብናይ ካናዳ ናይ ወጻኢ ኣላላይ ክፍሊ ናይ ቅደመ ምፍናው ምልላይ ንኽትካፈል ጸዊዒት ክግበረልካ ኢዩ፡ እዚ ናይ ካናዳ ናይ ወጻኢ ኣላላይ ውጥን ናይ ገንዘብ ምድብ ዝገብረሉ ናይ ካንዳ ኢሚግረሽን ክፍሊ ኢዩ። እና ንዚ ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ ኸአ ናይ ዓለም ለኻዊት ናይ ስደተኛታት ትካል ኢዩ። እዚ ኣኼባ ኸአ ብናጻ ዝዎሃብ ኢዩ፡ ኣብዚ ኣኼባ ኸአ ብዛዕባ ካናዳ ክትምሃር/ክትምሃሪ ኢኺ ከምኡውን ኣግልግሎት ናይ ድሕሪ-ምብጻሕ ድግመ ምጥያስ።

ንቅሎ ንካናዳ

- ኣይ.ኦ.ም (IOM/OIM) ወይ ካልእ ትካል ንካናዳ ናይ ምጉዓዝካ ዕለት መዓስ ምኳኑ ክትነግረካ እያ። ናይ ኣየር ቲኬት ክትቆርጸልካ፣ ናብ መዕረፍ ነፈርቲ ክትወስደካ፣ ነኣኻን ነቁሑትካን ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ከተመዝግበካ፣ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ እውን ካልእ ሓገዝ ክትገብረልካ ኢያ።
- ፓስፖርት ወይ ካልእ ሕጋዊ መንቀሳቀሲ ወረቀት እንተዘይብልካ፣ መንግስቲ ካናዳ ምእንታን ንካናዳ ክትኣቱ መንቀሳቀሲ ወረቀት ክትህበካ ኢያ።
- ኣብ ግዜ ቃለ መጠይቅ ከም ዝተገልጸልካ፣ ናይ ኣየርን ናይ ሕክምናን ወጪ መንግስቲ ካናዳ ብዝህበካ ልቓሕ ክሽፈን ኢዩ።
- እዚ ለቃሕ ኢዩ፣ ማለት ሙሉእ ብምሉኡ ናብ መንግስቲ ካናዳ ክትመልሶ ዘለካ ገንዘብ ኢዩ። ኣብ ካናዳ ድሕሪ ምእታውካ፣ ኣብ ዉሸጢ 30 መዓልቲ ነቲ ንጉዕዞን ንሕክምናን ተባሂሉ ዝተዋህበካ ገንዘብ ክትመልስ ማለት ክትከፍል ክትጅምር ኣለካ። ኣከፋፍላ በብቑሩብ ክኸውን ይኽእል፣ ብዝሒ ለቃሕካ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ምሉእ ክፍሊት ካብ ሓደ ክሳዕ ሽዱሽተ ዓመት ክወስድ ይኽእል።
- ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ስራሕ ረኺብካ ንነፍስኻን ንስድራኻን ክትክእል ዕድል ኣለካ።
- ኩሉ መርመራታት ምስ ሓለፍካ እሞ ኩሉ ወረቓቕትኻ ምስ ተዳለወ፣ ኣይ.ኦ.ም. (IOM/OIM) ወይ ካልእ ትካል ናብ መዕረፍ ነፈርቲ ክትወስደካ፣ ነኣኻን ንቅሑትካን ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ከተመዝግበካ፣ ከምኡውን ምስ ናይ ኢሚግረሽን ሓለፍቲ ከተራኽበካን ክትሕግዘካን ኢያ።

ከም ተሳታፊ ናይ ብመንግስትን ብግሊ ስፖንሶርን ዝተደገፈ ናይ ቪዛ ፕሮግራም ዝተመርጸ ስደተኛ ኰንካ ኣብ ካናዳ ምእታው




ከም ኣብ ትሕቲ ናይ ቪ.ኦ.ኣር [VOR/RDBV] ፕሮግራም ዝተመረጸ ስደተኛ መጠን፣ ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ክሳዕ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኣክል መንግስቲ ካናዳ ናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ክገብረልካ ኢዩ። ከምኡ እውን ንመብዛሕትኡ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ወጻኢታትካ መንግስቲ ክሽፍነልካ ኢዩ።

**ብተወሳኺ** ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ምስ መነባብሮ ካናዳ ንክትለማመድ ክሕግዙኻ ምስ ዝተሰማምዑ ሰባት ክነጋጠመካ ኢና። እዚኣቶም ክኣ ናትካ ናይ ግሊ ስፖንሶር ኢዮም። ስፖንሶርካ ኣብ መጀመርያ ዓመትካ ኣብ ካናዳ፣ ኣብ ግላውን ማሕበራውን ናብራኻ ክሕግዘካ ቅሩብ ኢዩ።

ከምኡ ድማ እተን ናይ መጀመርያ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ መንግስቲ ካናዳ ሓገዝ ምስ ተወድኣ ስፖንሶርካ ነተን ዝተረፋ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ክገብረልካ ኢዩ።

- ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ስፖንሶርካ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ተቀቢሉ ንናብራ ካናዳ ክትለማመድ ክሕግዘካ ኢዩ።
- ስፖንሶርካ ትቅመጠሉ ቦታ፣ ማለት ከም ኣፓርትመንት፣ ገዛ ወይ ሆተል ክዳልወልካ ኢዩ። ስፖንሶርካ ብዝቀረበልካ መሰረት፣ እዚ ቦታ እዚ ግዝያዊ ማለት ንመጀመርያ ሰሙናት፣ ወይ ድማ ስጋብ ዝደለኻዮ ግዜ ክትቅመጠሉ ትኽእል ቦታ ክኸውን ይኽእል።
- መግብን ክዳውንትን ክወሃበካ እዩ።
- ከምኡ እውን ብዛዕባ መነባብሮ ካናዳ ዘለካ ሕቶታት ክምልሱልካን ነዚ ዝስዕብ እውን ክሕግዙኻ እዮም፡
  - ኣተርጎምቲ ንምርካብ
  - ንስድራ ዝኸውን ናይ ሙሉእ ኣካላት ሓኪምን ናይ ስኒ ሓኪምን ንምምራጽ
  - ናይ ትነብረሉ ኣውራጃ (ፕሮቪንስ) ናይ ጥዕና ውሕስና ንምምልካት
  - ቆልዑት ናብ ትምህርቲ ዓበይቲ ድማ ኣብ ናይ ቋንቋ መጽናዕቲ ንምምዝጋብ
  - ምስ ከም ናትካ ዝንባሌ ዘለዎም ሰባት ንምርኻብ
  - ናይ ባንክን ናይ መጓዓዝያ ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ንምጥቃም
  - ስራሕ ንምድላይ

ዋላኳ መንግስቲ ካናዳን ስፖንሰርካን ኣብ ካናዳ መጀመርያ እግሪ ንኽትተክል እንተ ሓገዙኻ፣ ትጽቢትካ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ክኸውን የብሉን። ኣብ ካናዳ ጽቡቅ ናብራ ንኽህልወካ ኣበርቲዕካ ንኽትሰርሕ ክትዳሎ ኣለካ። መጻኢ ህይወትካ ኣብ ካናዳ፣ ብሓፈሻ፣ ኣብ ጻዕርኻ ዝተሞርኮሰ እዩ።

## ምስ ስድራኻ ኣብ ካናዳ ምስፋር



ኣብቲ ናይ ምምራጽ መስርሕ ግዜ ፣ ካናዳውያን ሓለፍቲ፣ ንስኻ ምስ በዓላቲ ቤትካ ከምኡ እውን ደቅኻ ሓደ ቅጥዒ ጥራሕ መሊእኩም ብሓደ ንካናዳ ክትኣትዉ ከምትኽእሉ ኣዘኻኺሮሙኻ ወይ ነጊሮሙኻ ክኾኑ ይኽእሉ። ይኹን እምበር ኣብ ናይ ሓዳር ወይ መውስቦ መነባብሮኻ ዝኾነ ለውጢ እንተ ደኣ ገርካ (ንኣብነት እንተ ደኣ ተመርዒኻ ወይ ተፋቲሕካ)፣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ቅድሚ ንካናዳ ምንቃልካ፣ ቆልዐ እንተ ወሊድካ፣ ምእንታን እቲ ሓዲሽ ኣባል ናይ ስድራኻ ኣብ ማመልከቻኻ ክውሰኽ፣ ንናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት ኮሚሾነር (ዩ.ን.ች.ሲ.ኣር)ወይ ንናይ መንግስቲ ካናዳ ናይ ኢሚግረሽን ሓለፍቲ ክትነግሮም ይግበኣካ።

ንዩ.ን.ች.ሲ.ኣር (UNHCR) ወይ ንሓለፍቲ ናይ ካናዳ ምስ ስድራኻ ኲንካ ናብ ካናዳ ክትሰፍር ከም እትደሊ ክትነግሮም ብጣዕሚ አገዳስን ኣድላይን እዩ። ከምኡ እውን ንኹሎም ናይ ስድራኻ አባላት (ኩሎም ደቅኻ፤ ኣሕዋትካን ኣሓትካን፤ ወለድኻን በዓልቲ ቤትካን) ምሳኻ ምንባሮምን ዘይምንባሮምን ብዘየገድስ፤ ስም ዝርዝሮም ኣብ ቅጥዕኻ ከተስፍሮ ይግብኣካ።

ኩሎም ኣባላት ስድራኻ፤ ዋላ ንሕጂ ኣብ ካናዳ ክሰፍሩ ድልየት እንተ ዘይብሎም፤ ኣብ ቅጥዕኻ ከተስፍሮም አገዳሲ እዩ።

ኣብ መጻኢ፡ ኣብ ቅጥዕኻ ዘይሰፈረ ማንም ሰብ ንካናዳ ክመጽእ አይክይልን ኢዩ።

እንተ ድኣ ድሮ ንካናዳ ዝኸዱ ኣዝማድ ወይ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ ሃሊዮሙኻ እሞ ኣብ ጥቅኦም ክትነብር እንተ ደሊኻ ንናይ ዩ.ን.ች.ሲ.ኣር (UNHCR) ወይ ንናይ ካናዳ ሓለፍቲ አፍልጦም። ብዝተኻእለ መጠን ካናዳ ንስደተኛታት ኣብ ከባቢ ንሳቶም ዝፈልጥዎም እሞ ክሕግዝዎም ዝኽእሉ ሰባት ኣብ ዘለውዎ ኮሙኒቲ እያ ተስፍሮም። ይኹን እምበር ኣብ ትሕቲ ናይ ብመንግስትን ብግሊ ስፖንሶርን ዝተደገፈ ናይ ቪዛ (VOR/RDBV) ፕሮግራም ዝመጹ ስደተኛታት፤ ኣብ ጥቃ ካብ ስፖንሶር ናቶም ሓገዝ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ማሕበረ ኮም እዮም ዝሰፍሩ።

## ናይ ኢሚግረሽን ኩነታትካ




ካናዳ ምስ ኣቶኻ፡ ንወትሩ ጊዜ ኣብ ካናዳ ክትቅመጥ ትኽእል፡ ዝብል ሰነድ ወይ ጽሑፍ ክወሃበካ እዩ። ኢዚ ማለት ኣብ ካናዳ ክትቅመጥ ሕጋዊ መሰል ኣለካ ማለት እዩ። ስራሕ ክትሰርሕ ወይ ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ ማለት እዩ።

ቅድሚ ካናዳዊ ዜጋ ንምዃን ምሕታትካ፤ ንኽንደይ ጊዜ ኣብ ካናዳ ክትቅመጥ ከም ዘለካ ዝሕብሩ ብንጹር ዝተጠቅሱ ቅድመ ኩነታት ኣለው። ነዞም ቅድመ ኩነታት እዚኣቶም ምስ ኣማላእካ ናይ ካናዳ ዜግነት ንምርካብ ከተመልከት ትኽእል።

## ኣብ ካናዳ አበይ ከም እትቅመጥ

ካናዳ እታ ዝዓበየት ካልኣይቲ ሃገር ኣብ ዓለም እያ። ብዙሓት ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ከምኡ እውን ብዙሕ ሰብ ዘይሰፈሮ ቦታታት አለዋ። እተን ዝበዝሓ ከተማታት ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ናይታ ሃገር ይርከባ። እተን ሰባት ዝቕመጡለን ቦታታት ካብ ነሓድሕደን ዝተራሓቃ ስለ ዝኾና፤ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ንኽትከይድ ብዙሕ ግዜ ይወስድ፤ ዋላ ብኣየር። ንኣብነት ርሕቀት ቶሮንቶ ንቫንኩቨር ልዕሊ 4,300 ኪሎሜተር ወይ ድማ ልዕሊ ኣርባዕተ ሰዓት ብኣየር እዩ።


ስፖንሶርካ ኣብ ዝቕመጠላ ከተማ ክትሰፍር ኢኻ።

ዋላኳ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ካናዳ ክትከይድ ማለት ዓዲ ክትቅይር ትኽእል እንተኾንካ፤ እንተ ወሓደ ንሓደ ዓመት ኣብ ሓደ ቦታ ክትጸንሕ ነማሕጽነካ ወይ ነተባብዓካ። እዚ ካብ ስፖንሶርካ ሓገዝ ንኽትረክብን ንዓኻ ተባሂሉ ዝተመዘዘ አገልግሎታት ንኽትጥቀምን የኽእለካ።

እንተደአ ብድልየትካ ዓዲ ክትቅይር መሪጽካ፤ ስፖንሶር ዝገበረካ ሓገዙ ከወፍየልካ አይክእልን ይኸውን፤ ከምኡውን እቲ ኣብ ግዜ ስፖንሶርሺፕ ዝወሃበካ ናይ መንግስቲ ሓገዝ መሰልካ ከተጥፍእ ትኽእል።

ግላውያን ስፖንሶራት፤ እንተድኣ ኣብ ንሳቶም ዝነብሩሉ ማሕበረ ኮም ከባቢ ተቀሚጥካ እሞ ምስኣቶም ተሓባቢርካ፤ ምእንታን ነብስኻ ኣብ ትኽእለሉ ደረጃ ክትበጽሕ ክሕግዙኻ ድልዋት እዮም። ዋላኳ ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ናይ ካናዳ ክትከይድ መሰልካ እንተኾነ፤ ግላውያን ስፖንሶራት ኣብ ንሳቶም ዝነብሩሉ ማሕበረ ኮም ከባቢ እንተነቢርካ ጥራሕ ኢዮም ክሕግዙኻ ዝግደዱ። እንተድኣ ዓዲ ክትቅይር መዲብካ፤ እቲ ንሳቶም ክንህቦ ኢና ኢሎም ዝተሰማምዑሉ ሓገዝ ከይትረክብ ትኽእል።

## ሓገዝ ኣብ ካናዳ




ኣባል ናተን ኲንካ ክትሳተፈለን ትኽእል ብዙሓት ናይ ደቂ ተባዕዮን ናይ ደቂ ኣንስቲዮን ናይ ቆልዑትን ማሓበራት ወይ ጋንታታት ኣለዋ። ንኣብነት ኣብ ናይ ስፖርት ምንቅስቓሳት ከም ኩዕሶ እግሪ ወይ ምሕንባስ ክትጽንበር ትኽእል። ከምኡውን ብዙሕ ምስ ስድራ ቤትክ ኰንካ ክትሳተፈሉ ትኽእል ምንቅስቓሳት ወይ መዘናጊዒታት ኣሎ። ገሊኣቱ ነጻ ክኸውን ከሎ ገሊኣቱ ግን ዝኽፈሎ እዩ።

ኣብ ከባቢኻ ናይ ሓደሽቲ ዝመጹ ስደተኛታት ኣኽባታት እንተሎ፣ ክትሳተፍ ፈትን። እዚ፣ ምስ ካልኦት ሰባት ሓዲሽ ለላ ክትገብርን ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ኣገልግሎታት ንኽትፈልጥን ይሕግዘካ።

ኣባላት ማሕበረ ኮም ናትካ ምርካብ ቀልጢፍካ ምስ ከባቢኻ ንኽትላለ ክሕግዘካ ይኽእል፣ ይኹን እምበር ካብ ካልኦት ሓገዝ ንምሕታት እውን ኣይትሰከፍ።

## ሕብረተ ሰብ ካናዳ



ኣብ ካናዳ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስቲዮን ማዕረ እዮም። ማዕረ መሰል ኣለዎም፣ ክልቲኦም ከኣ ብማዕረ ዝኾነ ደረጃ ናይ ኣኽብሮት እዮም ዝርአዩ። ኣሰብኡትን ኣንስትን ናይ ኩሎም ደረጃታት ናይ ሕብረተ ሰብ፣ ናይ ኩሎም ባህልታትን ዓሌታትን ሃይማኖታትን ብሓንሳ ይዋስኡ፣ ብሓደ ዐይኒ ከኣ ይረአዩ።

ኣብ ካናዳ፣ ካልኦት ሓሳባቶም ብነጻ ክገልጹ መሰሎም እናኽበርካ፣ ሓሳባትካ ክትገልጽ ነጻ ኢኻ።

ምናልባት ኣብ መንጎ ሙሉእ ስድራ ቤት ትቕመጥ ዝነበርካ እሞ ናይ ሙሉእ ስድራ ሓገዝ ዝለመድካ ሰብ ክትከውን ትኽእል። ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ንበይንኻ ክስመዓካ ይኽእል፣ ግን ንበይንኻ ኣይኮንካን። እንተድኣ ኣተሓሳሲቡካ ወይ ጸሚዩካ፣ ምስ ገለ ሰባት ተራኸብ። ምስ ስፖንሰርካ ተዛራረብ ወይ ድማ ምስ ኣብ ከባቢኻ (ኮሙኒቲኻ) ዝርከብ ሓደ ሰብ ተራኸብ። ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ምስ መነባብሮ ካናዳ ብጽቡቕ ንኽትተኣታቶ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ።



## ስድራ ቤትካ ስፖንሶር ምግባር

ኣብ ካናዳ ድሕሪ ምስፋርካ፣ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤትካ ስፖንሶር ክትገብር ትኽእል። ይኹን እምበር እቲ ፕሮሰስ ነዊሕ ግዜ ከም ዝወስድ እሞ ነቶም ኣባላት ስድራ ቤትካ ከይረኣኻዮም ንነዊሕ ግዜ ክትጸንሕ ከም ትኽእል ፍለጥ። ኣባላት ስድራ ቤት፣ ኣቦ ወይ ኣደ፣ ኣብሓጎ ወይ ዓባይ፣ በዓልቲ ቤት ወይ በዓል ቤት ከምኡ ድማ ንስኻ ትናቢዮም ቆልዑት ኢዮም። እዚኣቶም ሰባት እዚኣቶም ኣብ ናይ ኢሚግረሽን ቅጥዕታትካ ስም ዝርዝርም ትጻሒፉ ምህላዉ ኣረጋግጽ። ኣሕዋት ወይ ኣሓት፣ ኣሞታት፣ ኣኮታት፣ ሓትኖታት፣ ደቂ ሓትኖታት ወይ ደቂ ኣኮታት፣ ከምኡ ዓበይቲ ደቂ ደሓር ስፖንሶር ክግበሩ ኣይክእሉን ኢዮም።

ስድራ ቤትካ ኣበየናይ ቦታ ናይ ካናዳ ከም እትነብር ከምዝፈልጡ ኣረጋግጽ። ከተማን ኣውራጃን ዘለዎ ናይ ፖስታ ቤት ኣድራሻ ከም ዝፈልጡ ኣረጋግጽ።

## ስራሕ ምርካብ







ምንም እኳ ንስኻን ስድራ ቤትካን ኣብ መጀመርያ ዓመትኩም ኣብ ካናዳ ቁጠባዊ ሓገዝ ክግበረልኩም እንተኾነ፣ እቲ ዝበለጸ ኣብ ዝቀልጠፈ ግዜ ስራሕ ረኺብካ ንነብስኻን ንስድራኻን ምኽኣል ኢዩ። ቋንቋ እንግሊሽ ወይ ፈረንሳ ብዝመለኸካሉ ደረጃ መሰረት፣ ስራሕ ናይ ምርካብካ ዕድል ይጽብቅ።

ካልእ ክትግንዘቦ ዝግበኣካ ነገር፣ ናይ ዩኒቨርሲቲ ዲግሪ ወይ ናይ ኮለጅ ዲፕሎማ ወይ ናይ ሙያ ሰርቲፊኬት እንተለካ፣ ኣብ ካናዳ ተቀባልነት ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዲግርኻ ወይ ሰርቲፊኬትካ ተቀባልነት ከም ዘለዎን ዘይብሉን ዝውስኑ ኣብቲ ትቅመጠሉ ዘለኻ ቦታ ዝርከቡ አውራጃዊ መንግስቲ ወይ ሕጋዊ ትካላት እዮም።

ናብ ስድራኻ፣ ማለት ንዓዲ እውን ገንዘብ ክትሰድድ ትደሊ ትኸውን። ነጻ ኢኻ ክትሰድድ። ግና ብዙሓት ስደተኛታት ንርእሶም ክኢሎም ዝተረፎም ገንዘብ እንተሎ ንዓዲ ክሰዱ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ ኮይኑ ይረኽቡዎ። ኣይትረስዕ፣ ናይ ካናዳ ሓዲሽ ናብራ ክትለማመድ ግዜ ይወስድ።

## ወጻኢታት

ካናዳ ምስ አቶኻ፣ መጀመሪያ ሽድሽተ ወርሒ ካብ መንግስቲ ካናዳ ቁጠባዊ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ፣ ዝቅጽል ሽድሽተ ወርሒ ድማ ካብ ናይ ግሊ ስፖንሶርካ ሓገዝ ትረክብ።


እቲ ናይ ግሊ ስፖንሶርካ ሓገዝ ምስ አብቅዓ ግን፣ ኩሉ ወጻኢታት ናይ መግቢ፣ ናይ ገዛ ክራይ፣ ናይ ኤለትሪክ፣ ናይ ማይ፣ ናይ ክዳውንቲ፣ ከምኡዉን ቀረጽ፣ ናትካ ሓላፍነት እዩ። ገንዘብካ ከመይ ገርካ ከም ተመሓድር ምፍላጥ አገዳሲ እዩ።

## ትምህርቲ



ደቅካ ቀዳማይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን ንኽመሃሩ ምኽፋል አየድልየካን እዩ። ኩሎም ካብ ሽዱሽተ ክሳዕ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዝዕድሚኦም ቆልዑት ትምህርቲ ክመሃሩ ናይ ግድን እዩ። ሕጊ እዩ። መብዛሕትኦም ተመሃሮ ክሳዕ ናይ ትምህርቲ መመረቅትኦም ዲፕሎማ ዝቅበሉ ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ይወፍሩ (ከባቢ 18 ዓመት)። ካልኣይ ደረጃ ምስ ወድኡ፣ ክኸፍሉ እንተድኣ ክኢሎም፣ ገሊኣቶም ናብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ክኸዱ ይኽእሉ። ኮለጅን ዩኒቨርሲቲን ብገንዘብ እዩ።

## ናይ ስኒ ሕክምና



ዋላኳ መንግስቲ ናይ ጥዕና አገልግሎት፣ ከም ሓኪም ምርኣይ መሳሊ እንተሃበ፣ ከምኡ እውን ንናይ ህጹጽ ሕክምና ስኒ ንመጀመርያ ዓመትካ ኣብ ካናዳ እንተ ኸፈለ፣ ንህጹጽ ዘይኮነ ሕክምና ስኒ ግን ኣይሸፍንን እዩ። ኣብ ሓኪም ስኒ እንተ ኸድካ፣ መብዛሕቱ ግዜ፣ እቲ ወጻኢታት ናይ ሕክምና ናትካ ሓላፍነት እዩ።

## መግብን ማይን



ናይ ካናዳ ማይ ንኽትሰትዮ ጽሩይ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ገዛ ውዑይን ዝሑልን ማይ ኣለዎ። ለይትን ቀትርን ናይ ቡምባ ማይ አሎ። ክትገብሮ ዘሎካ ነገር እንተሎ፤ ቡምባ ምውላዕ፤ ምስ ወዳእካ ኸኣ ምጥፋእ እዩ።

ኣብ ካናዳ ካብ ዝተፈላለየ ባህልታት ዝመጹ ሰባት ይነብሩ። መብዛሕትኡ ንስኻ ትበልዖ መግብታት፤ ከም ሩዝ፤ ባኒ፤ ኣሕምልቲ፤ ቀመማት፤ ዓደስን ደርሆን ኣብ ናይ ከባቢኻ ድኳናት ይርካብ። ብተወሳኺ፤ ካናዳ፤ ፍልይ ዝበሉ መግብታት፤ ንኣብነት ከም ስጋ ጠል ዝኣመሰሉ ዝሸጡ፤ ማለት ኣብ ዝኾነ ድኳን ዘይሸየጡ ዝሸጡ፤ ድኳናት እውን ይርከቡዋ። ናይ ሓላል መግቢ እውን ኣሎ።

## ሃይማኖት






ኣብ ካናዳ ብዙሕ ሃይማኖታት ኣሎ። ናትካ ሃይማኖት ብነጻ ከተዘውትር ትኽእል። ሕጊ ካናዳ ዝተፈላለየ ሃይማኖታት ንዝኽተሉ ሰባት ከተኽብር ይግድደካ። ሃይማኖትካ ክትቅይር ዝሓተካ ወይ ዝግድደካ የለን። ናይ ሃይማኖት ነጻነት ሓደ ካብቶም መሰረታዊ መሰላት ናይ ካናዳ እዩ።

## ኩነታት አየር

ኣብ ማብዛሕትኡ ካናዳ፤ አርባዕተ ዝተፈላለዩ ወቅትታት አለዉ፤ ቀውዒ፤ ሓጋይ፤ ክረምቲ፤ ብጣዕሚ ቑሪ (ዊንተር)/ክረምቲ ። ካናዳ ብጣዕሚ ገፋሕ ዓዲ እያ። ኩነታት አየር ክኣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ወቅቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይታ ሃገር ክፈላለ ይኽእል። ስፕሪንግ (መጋቢት፤ ሚያዝያ፤ ግንቦት) ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ናይ ካናዳ ማይ ዝሃርመሉ ወቅቲ ኮይኑ፤ ኩነታት አየር ክኣ ዝሑል እዩ። ኣብ ሓጋይ (ሰነ፤ ሓምለ፤ ነሓሰ) ኩነታት አየር ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ናይታ ሃገር ውዑይ እዩ። ቀትሪ ጠባይ ናይ አየር መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 20 ዲግሪ ሰንቲግረድ ንላዕሊ እዩ፤ ንሓንሳብ ግን ካብ 30 ዲግሪ ንላዕሊ ክድይብ ይኽእል። ኣብ ቀውዒ (መስከረም፤ ጥቅምቲ፤ ሕዳር) ኩነታት ናይ ኣየር ይዝሕል፤ ብዙሕ ዝናብ እውን ክዘንብ ይኽእል። ኣብ አዋርሕ ዊንተር (ታሕሳስ፤ ጥሪ፤ ለካቲት) ጠባይ አየር ኣብ መብዛሕቱ እታ ሃገር ትሕቲ 0 ዲግረ እዩ፤ ካብ -30 ዲግረ ንታሕቲ እውን ክወርድ ይኽእል፤ ቀትርን ለይትን። ዊንተር ብጣዕሚ ቁሪ ክኸውን ስለ ዝኽእል፤ ብግቡእ ምኽዳን ከድልየካ እዩ።









## ናይ መጨረሻ ለበዋ

ሓዲሽ ሂወት ኣብ ካናዳ ምጅማር ዘሓጉስ እዩ፤ ገሊኡ ግና ከቢድ ኮይኑ ክረኽቦ ይኽእል። ንኽትለማመድ ግዜ ይወስድ፤ ስለዚ ዓቅሊ ግበር። ከማኻ ዝኣመሰሉ ብዙሓት ሓደሽቲ ዝመጹ፤ ምስ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ተለማሚዶምን ሙሉእ ብምሉኡ ተዋሃሂዶምን እዮም።

እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ምዝራብ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ንምጥቃምን፤ ስራሕ ንምርካብን፤ ብሓፈሻኡ ከኣ ምስ ናብራ ካናዳ ንኽትለማመድ ስለ ዝሕግዘካ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ። ካብ ክልቲኡ ቋንቋታት ሓደ ክትመሃር ቅድሚ ንካናዳ ምምጻእካ ዕድል እንተ ደኣ ረኺብካ፤ ናይ ቋንቋ ክእለትካ ከተማዕብሎ ክትፍትን ኣለካ። ድሕሪ ምእታውካ ድማ፤ ናይ ምዝራብን፤ ምንባብን፤ ምጽሓፍን ክእለትካ ንኽተመሓይሽ፤ ኩሉ ትረኽቦ ዕድላት ተጠቀመሉ።

ኣብ ከባቢኻ ትረኽቦም ሰባት ሕቶታት ሕተቶም። ዘተሓሳስበካ ነገር እንተሎ ንስፖንሶርካ ንገሮ።

ነዓኻ ክሕግዙ ዝተዳለዉ ሰባትን ኣገልግሎታትን ከምዘለዉ ኣይትረስዕ።

መጨረሽታ ጸብጻብ/ምምሕያሽ ዝተገበረሉ ዕለት ኤፕሪል 2014